# ዝኽሪ መበል 24 ዓመት ዕረፍቲ ብፁዕ ኣቡነ ተስፋማርያም ብድሆ፣ ቀዳማይ ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን



**ብፁዕ ኣቡነ ተስፋማርያም ብድሆ** (12 መስከረም 1934 – 29 ሓምለ 2002) ካብ 1995 ኣትሒዞም ክሳብ ካብ ድኻም እዛ ዓለም ኣብ 2002 ናብ ሰማያዊ ቤት ዝሰጋገሩ ከም **ቀዳማይ** ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን ኮይኖም ዘገልገሉ ኢዮም።

## ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ብፁዕ ኣቡነ ተስፋማርያም ብድሆ

ብፁዕ ኣቡነ ተስፋሚያም ብድሆ ብዕለት 12 መስከረም 1934 ኣብ ደሮቅ፣ ኣብ ኣውራጃ ሰንሒት ኤርትራ፣ ናይ ሎሚ ዞባ ዓንሰባ ካብ ኣቦኦም ብደሆ ባህዱራይ ኣነቢን፡ ካብ ወ/ሮ ለቱ ጊላይን ተወልዱ። ካብ ንእስነቶም ኣትሒዞም ጸዋዕታ ክህነት ክስምዖም ጀመረ፣ብጌዜ ቆመስ ኣባ መስመር ኣብ ገዳም ዘርኣክህነ ኣተዉ። ካብ 1949 -59 መባእታዊ ትምህርቶም ኣብ ዘርኣ ክህነት ከረንን፣ ዓቢይ ዘርኣ ክህነት ኣሥመራ ዛዘሙ፣ ኣባኡ ድማ ማእከላይን ላዕለዋይን ትምህርቲ ዛዚሞም፣ ንናይ ክህነት መሰናደዊ ዝኾነ ትምህርቲ ፍልስፍናን ንባበ-መለኮትን ተማህሩ። ቀጺሎም ድማ ናብ ሮማ ሃገረ ኢጣልያ ተላኢኾም፣ ኣብኡ ድማ ኣብ ጳጳሳዊ መንበረ ጥበብ ኡርባንያና፣ ዝለዓለ ትምህርቲ ንባበ-መለኮት ቀሰሙ። ብዕለት 19 ታሕሳስ 1965 ዓ.ም. ብብፁዕ ኣቡነ ኣብርሃ ፍራንስዋ ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ኣስመራ፣ ኣብ ሃገረ ቫቲካን መዓርገ ክህነት ተቐበሉ።

ድሕሪ ዕለተ ክህነቶም ብወርሒ ሓምለ 1968 ዓ.ም. ናብ ኤርትራ ተመሊሶም፣ ኣብ እተፈላለየ ቊምስናታትን ጽፍሕታት ቤተክርስቲያንን ጒስነታውን ምሕደራውን ኣገልግሎታት ፈጸሙ። ብመስከረም 1968 ናብ ኤውሮጳ ብምምላስ ክሳብ ሰነ 1971 ኣብ ናይ ሎንደን ዩኒቨርሲቲ Proffessional Course for Teachrers Certificate in teaching Secondary Schools ተኸታተሉ። ካብ 1971 ክሳብ 1988/89 ኣብ ዓቢይ ዘርኣ ክህነት ኣሥመራ ከም መምህር ኮይኖም ብምግልጋል፣ ንብዙሓት መንእሰያት ናብ መዓርገ ክህነት ኣብጽሑ። ካብ 1981-1988 ኣባል መንፈስዊ ጒባኤ ምዕራባዊ ዕቅብና ኮይኖም ሰርሑ፡

ንትምህርቲ ፍልስፍናን ንባበ መለኮትን ናይ ሰበኻ ኣሥመራ ንምምዕባል ንትዕዝብትን መጽናዕትን ኣብ ምሥራቃዊ ኣፍሪቃ ዝርከባ ናይ ሰበኻታት ተቅዋማት ፍልስፍናን ንባበ መለኮትን፣ ብደረጃ ሃገር ዝካየድ ናይ ሰበኻ ኡጋንዳን ታንዛንያን ኬንያን ከጽንዑ ተላእኩ፡ ካብ 1990 - 1991 ኣብ AMECEA ናይ ዓመትን መንፈቕን ናይ ሓዋርያዊ ትምህርቲ ናይ ዲፕሎማ ኮርስ ወሰዱ፡ ናብ ኤርትራ ተመሊሶም ድማ ካብ 1991 ክሳብ 1995 ጥቕላሊ ዓቃቤ መንበር ናይ ኤጳርቅና ኣስመራ ኮይኖም ኣገልገሉ።

## ኤጲስቆጶሳዊ ኣገልግሎቶም

ብዕለት 21 ታሕሳስ 1995 ዓ.ም. ኤጳርቅና ከረን ምስ ተመስረተ፣ ብፁዕ ኣቡነ ተስፋማርያም ብድሆ ብርእሰ ሊቃነ ጳጳሳ ቅዱስ ዮሓንስ ጳውሎስ ዳግማዊ፣ ቀዳማይ ጳጳስ ኤጳርቅና ከረን ክኾኑ ተሓርዮ። ብዕለት 4 ለካቲት 1996 ዓ.ም. ብኢድ ልዑል ካርዲናል ፓውሎስ ጻዱዋ ሊቀጳጳሳት ዘበኣዲስ ኣበባ፣ ብተራዳኢነት ብፁዓን ጳጳሳት ኣቡነ ዘካርያስ ዮሓንስ፡ ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ኣሥመራን፣ ኣቡነ ኪዳን-ማርያም ተክለሃይማኖት ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ዓዲግራትን ቅብኣተ ጵጵስና ተቐቢሎም፣ ናብታ ሓዳስ መንበሮም ኤጳርቅና ከረን ብ 11 የካቲት 1996 ዓ.ም. ኣተው።

ካብቲ ግዜቲ ጀሚሮም ድማ ንምእመናን ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረንን ንቤተክህነቱን ብፍሉይ ኣባታዊ ጉስነት መርሑ፣ ምሉእ ኣገልግሎቶም ድማ ኣብ ውዳቤ እቲ ሓድሽ ኤጳርቅናን ትሕድርቱን ብትግሃት ኣገልገሉ። ኣብ 1998 ዓ.ም. ድማ እምነ መሰረት ናይታ ሓዳስ እትሕነጽ ዘላ ካቴድራል ኤጳርቅና ከረን ኣንበሩ፣ ኣብ ርእሲ'ዚ ውን ቤትጽሕፈት ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረንን፡ መንበሪ ገዛ ጳጳስን ንምህጽ ሰፊሕ ትሕተ ቅርጻዊ ውጥን ኣንቂሎም ክሰርሑ ጀመሩ።

ብፁዕ ኣቡነ ተስፋ ማርያም ብድሆ ኣብ ህንጻት ቤተክህነት ሰበኻ ከረን እውን ብሉጽ እምነ መሰረት ዘንበሩ ኣቦ ኢዮም፣ ኣብ ዘመነ ጵጵስናኦም፣ ኣብ ውሽጢ 7 ዓመታት 14 ሓደስቲ ካህናት ኤጳርቅና ከረን ኣፍረዩ፣ እዚ ድማ ኣብታ ሓዳስ ኤጳርቅና፣ ቅልጡፍ ዕቤት ስብከተ ወንጌልን ስፍሓት ሓዋርያዊ ጉስነትን ዘፍረየ ዓወት ኢዩ ዝነበረ።

ብፁዕ ኣቡነ ተስፋማርያም ብድሆ ሓደ ኻብቶም ኣብ ወርሒ ግንቦት 2000 ዓ.ም.፣ ኣብቲ ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝካየድ ዝነበረ ውግእ፣ ህጹጽ ተኸሲ ናይ ምቍራጽ ውዕል ክካየድ፣ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ክሕግዝ ጻውዒት ካብ ዘቕረቡ ጳጳሳት ኤርትራ ኢዮም ዝነበሩ። ከምኡ ውን ኣብቲ ግዜ እቲ ኣብ ዝነበረ ቍጠባውን ማሕበራውን ጸገማት ሕዝቢ

ዞባ ዓንሰባን ዞባ ሰመናዊ ቀይሕ ባሕርን፣ ብፍላይ ድማ ብሰንኪ ኲናትን ስደትን መስጐትን ንዝተጐድኡ ወገናት ህጹጽ ረድኤት ኣብ ምሃብን፣ መንፈሳውን ማሕበራውን ሓልዮት ኣብ ልጋስን ሰፊሕ ወፍሪ ግብረ ሰናይ ኣካየዱ።

ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2001 ዓ.ም. ድማ ኣብ ሃገረ ቫቲካን ኣብ እተኻየደ ሓፈሻዊ ሲኖዶስ ጳጳሳት ተሳቲፎም። ኣብቲ ጉባኤ ብዛዕባ እቲ ኣብ ሃገረ ኤርትራ ንእትርከብ ቤተ-ክርስትያን ዘጋጥማ ዘሎ ብድሆታት ብምጥቃስ፣ ብፍላይ ኣብ መንጎ እቲ ዞባዊ ዘይምርግጋእ ዕዮ ሓዋርያዊ ጉስነት ንምፍጻም ዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማትን ግድላትን ሰፊሕ መግለጺ ኣካፊሎም።

## ዕረፍቲ ብፁዕ ኣቡነ ተስፋማርያም ብድሆ

ብፁዕ ኣቡነ ተስፋማርያም ብድሆ ናብቲ ኣብ ዕለት 28 ሓምለ 2002 ኣብ ሄቦ፡ ዝተኻየደ ጽንብል ናይ ሓድሽ ቤተ-ክርስትያን ቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ ተሳቲፎም፣ ምሕዳሮም ናብ ዓቢይ ዘርኣ ክህነት ኣሥመራ ምስ ተመልሱ፣ ንጽብሒቱ ዕለት 29 ሓምለ 2002 ዓ.ም. ወጋሕታ ኣብ መበል 67 ዓመት ዕድሚኦም፣ ብሃንደበታዊ ሞት ኣብቲ ዝሓደርዎ ቤት ዓሪፎም ተረኺቡ።

ሎሚ ዕለት 29 ሓምለ 2026 ዓ.ም. መበል 24 ዓመት ዕለተ ዕረፍቶም ንዝክር ኣሎና። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣብ ዘልዓለማዊ ዕረፍቲ ይቀበሎም፤ ነቲ ዝሓደጉልና መንፈሳዊ ውርሻ ድማ ብሚእቲ ካዕበት የፍርየልና። እቲ ዝፈለምዎ ህንጻት ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን ድማ መላእቱን ፈጻምቱን ከም እንኸውን ይግበረና።

ኣባ ተወልደ መብራህቱ - ሃገረ ቫቲካን